## <u>ምትሓታዊ ቀሺስ</u>

## <u>ሓዱሽ ፊልም ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ</u>

ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ብጣዕሚ ብዙሓት ጀጋኑ ተፈጢሮም ብጣዕሚ ብዙሕ ዘደንቅ ጅግንነታዊ ስራሕ ሰሪሖም እዮም። እዞም ጀጋኑ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ንደርጊ በብደቒቃኡ ብዘይ ዕረፍቲ ዘባህረሩ ዝነበሩ ጀጋኑ እዮም። ካፍቶም ብጣዕሚ ብዙሓት ጀጋኑ ሓደ ቀሺ ታደሰ እዩ። ቀሺ ታደሰ እንትለዓል ናብ ቅድሚ ዓይኒ ኩሉ ከይዱ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝፈልጥ ግብትእ ኢሰን'ውን ዝብለኦ ከራቢት ቃልሲና እየን። ክርቢት ተባሂለን ዝፍለጣ ኣብ በሪ ካብምቦታት ፀላኢ ዘይጠፍኣ ኣናእሽቲ ኣሃዱታት ህ.ወ.ሓ.ት እየን። እዘን ትሕቲ 12 ጀጋኑ ኣባላት ዝነበሩወን በዚመፃ እንተይተባህላ ብፍላይ ኣብ ህዝቢ ግፍዒ የብፅሑ ኣብ ዝነበሩ ዕሱባት ደርጊ ብዘይገመትዎ ካብ ጓን ፀላኢ ዘቕቐን እናውፅኣ ዝቀፅዓ ስለዝነበራ ኣብ ደርጊ ከቢድ ፍርሒን ራዕዲን ዝፈጠራ ዝነበራ ብኣንፃሩ ኣንጀት ህዝቢ ነባሪ ከተማን ገፀርን ዘተርክሳ ነይረን።

ቀሺ ታደሰ ሓደ ኣባል እዘን ከራቢት ኮይኑ ፍሉጥ ዘኹርዕ ስራሕ ዝሰርሕ ዝነበረ ጅግና እዩ። ኣብ ዓዲግራት ኣትዩ ተባሂሉ ሰራዊት ደርግን ሰበስልጣን ሕብጭብጭ እንተብል ኣብ መቐለ ኣሎ ኣብ ውቅሮ ኣብ ማይጨው እናተባህለ ፀላእቱ ብፍርሒ ሕልብሕልብ ዘብል ዝነበረ ጅግና እዩ።

ቀሺ ታደሰ ቅድሚ ኣብ በረኻ ትግራይ ወፃኡ ወተሃደራዊ ታዕሊም ምዕላሙ ጀሚሩ እዩ ስራሕ ጅግንነት ዝጀመረ። ድሕሪ ታዕሊም ኣብ ሓይልታት ተመዲቡ ኣብዙሓት ውግኣት ጅግንነቱ ዘመስከረን ብጅግንነቱን ቆራፅ ብልሓተኛ ብምኳኑ ተሓርዩ ናይ ክርቢት ጠርናፊ ኮይኑ ከራቢት እንትጅምራ ዝጀመር እዩ። ኣብ ዝተዋፈረሉ ሓዱሽ ምድብ'ውን ዕውት ጅግና ብምዃኑ ኣብ ምብራቃዊ ግምባር ዝነበራ ከራቢት መተሓባበሪ ኮይኑ ብጣዕሚ ብዙሕ ተኣምራታዊን ንምእማኖም ዘፀገሙ ስራሕቲ ዝሰርሐ ኣብ ሰበ ስልጣን ደርጊ ከምዝኾነ ምትሓታዊ ነገር ዝተርኣየ ውቃበ ህ.ወ.ሓ.ት እዩ ነይሩ።

ኣብ ዙርያ ታሪኽ ታደሰ ዝስራሕ ዘሎ ፊልም ዕላማ ህ.ወ.ሓ.ት ዝፈጠሮ ጀግንነትን ትብዓትን ተረት ብልሓትን ክረአ እዩ።

ዕላማ ህ.ወ.ሓ.ት ኣብ ሰበስልጣን ደርጊ ዘሕድሮ ዝነበረ ስሚዒት ካብ ንዕቀትን ምንሻውን ናብ ፍርሒን ራዕዲን ደሓር ናብ ምድናቕን ምኳኑን ናብ ምእማን ከምዝተለወጡ፣ ዕሑፋት ደርጊ ብዛዕባ ህ.ወ.ሓ.ት ኣባላት ህ.ወ.ሓ.ት ካብ እንብሎ ዝበለፀ ከምዝፀሓፉ ክርኢ እዩ።

ምትሓታዊ ቀሺስ ንፀሓፍትን ተመራመርቲን ታሪኽ ኣቓልቦ ዝስሕብ ዝተፈላለየ ኣተኣታትዋ ፅንዓት ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ /ህ.ወ.ሓ.ት/ ክርኢ እዩ።

ተኣማንነት፣ ሓቀኛነት፣ መሃዛይነት፣ ሓላፍነት፣ ኣክብሮት፣ ህዝብን ፍቅርን ባህሊ ተጋዳልቲ ምንባሩ ብግቡእ ክርኢ እዩ።

ኣብዙ ከቢድ ፃዕሪን ወፃኢን ዝሓተት ታሪኻዊ ስራሕ ታሪኽካ ምሕዋስ እናሓደረ ዝህደስ ታሕጓስን መንፈሳዊ ዕግበትን ዝፈጥር እዩ።

*ኣታኽልቲ ሓጎስ (0914707694)*